# ኤርትራ ንመን ?

## ካልኣይ ክፋልን መውዳእታን፡

ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍና ፡ኣይረሳዕናዮን ዝበልና ንምዝካር ዝኣክል እምበር ( ሕነ ክንፈዲ ማለት ኣይኮነን ) ድሕሪ 1991 ህዝቢ ኤርትራ ንረፈረንደም ተበገስ ምስ ኮነ እውን፡ ናጽነት ኤርትራ ዘይተዋሕጠሎም ሓድሽ ሜላ ተጠቒሞም ንገለ የዋሃት እናለኣኹ ረፈረንደም ኣየድልን እዩ፡ እቲ ምንታይ ዓወትኩም ተረጋጊጹ እዩ እናተባህለ ንብዓት ሓርገጽ ይነብዑ ከምዘይነበሩ መዓስ ረሲዕናዮ።

ኮይኑ ግን መንግስቲ ኤርትራ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብጅግንነቱ ዘረጋገጾ ናጽነቱ ዘበሰረን፡ መዛዘሚ ክገብረሉ ርዱእ እዩ ዝነበረ፡ እቲ ምንታይ ( ሓደ ስፈ ) ንበል መሶብ ቆርበት ጌርካ እንተዘይዛዚምካዮ፡ኣብ ፍሉይ እዋን ተዘርዚሩ ስለ ዝበታተን፡ ብኡ መንጽር ድማ ነቲ ብመስዋእትና ዘረጋገጽናዮ ዓወት፡ብረፈረንድም ዛዚምና፡ ንዓለም እንተዘይ ኣፍሊጥና ንኤርትራ ሃገርና ንዳግማይ ወራር ምዕዳም ኣብ ሓደጋ ዘውድቕን ስለ ዝኾነ፡ናይ ግድን ይኸውን ብረፈረንድም ወግዓውነት ንምልባስን ዓለምለኻዊ ሕጊ ስለ ዝድርኸን፡ ባንዴራ ኤርትራ ድማ ኣብታ ዘንጊ ሓቒ ከም እትሰቀል ተጌሩ፡እዚ እውን ናቱ ታሪኽ ኣለዎ።

ድሕሪ ብረፈረንድም ዘረጋገጽናዮ ምሉእ ናጽነት፡ መንግስቲ ኤርትራ ዝያዳ ኣቓልቦ ዝገበረሉ ጉዳይ እንተ ኔሩ፡ ኣብ ኣፍሪቃ ብሓፈሻ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ድማ ብፍላይ ኣብዚ ከባቢና ዝርከባ ሃገራት ማለት ኤርትራ ሱዳን ኢትዮጵያ ጅቡቲ ህዝብታት ንናይ ሓባር ረብሓ ዝሕሉ ብሰላምን ስኒትን ምክብባርን ውሽጣውን ግዳማውን ብድሆታቶም ብሓባር እናበድሁ ክሰርሑን ክነጥፉን ሰናይ ድልየትን ጉርብትናን ናይ መንግስቲ ኤርትራ ምንባሩ ይዝከር።

እዚ ጉዳይ ከምሓሳብ ድሕሪ ምቕራብ ሓደ መካኒዝም ንኽፍጠር ጻዕርታት ክካየደሉን ተበግሶ ተወሲዱ እናተሰርሓሉ ብፍላይ ድማ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ናይ ክልቲኡ ህዝብታት ረብሓ፡እናተመላልኡ ክሰርሑን ልዕሊ ኩሉ ድማ ወደብ ዓሰብ ርትዓዊ ዝኾነ ክፍሊት ቀረጽ እዋ ድማ ብብር እናተገልገሉ ይጥቀምሉ ከም ዝነበሩ ናይ ትማሊ ህያው ምስክር እዩ፡ነዚ ሰናይ ድልየት ብኤርትራ ዝተወሰደ ተበግሶ ኣብ ኣፍሪቃ ጽልዋ ከሕድር ኣብ ዝተራእየሉ ግዜ ምምሕዳር ኣመሪካን ሰዓብታን ስለ ዘይተዋሕጥሎም ንመንግስቲ ኤርትራ ንምቑጻይ ውዲታት እንዳ ኣለሙ፡ መኣዝኑ ብምስሓት ኣብ ዘይተደልየ መንገዲ ንኽኣልይዎ ዘይተኣልመ ውዲት ኣይነበረን ፡ምስ ጎርባብትና እናተኻተኹ ኣብ ረጽሚ ከም ዘእተውና መዓስ ረሲዕናዮ።

ኮይኑ ግን ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ነቲ ጉዳይ ብውሕሉል ኣተሓሕዛ ብርእሰ ተኣማንነት ከህድኦን ናብ ንቡር ንምምላስ ግዝይኦምን ጉልበቶም ወፍዮምን ንኸረጋጋእ እኳ እንተፈተኑ፡ እቲ ጎነጽ ግን ኣይተረፈን፡ንኹሉ ብምብዳህ ድማ ኣብ መደምደምታ ኣብጺሕዎ።

www.eriswiss.com

ስርዓት ወያኔ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ጽባሕ ናጽነት ቁስላና ኣይ ንሕኽኽ ክም ዘይበሉና፡ ኣብ 1998 ዘይተጸበናዮ ኣብ ልዕሊና ኩናት ክእውጁ እንክለው ቁስላና ባዕላቶም ጎዲኦምና፡ ዕላማ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ( ሰላም ናይ ዞባና ንምሕላው እምበር ዘራጊ ሰላም ኣይኮነን ኣይነበረን እውን )።

ተርባጽ ተጻባኢትና ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ በዝን ወዲ ክምዝን እዩ ዝጅምር፡ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ከይተዛንዩ፡ ንጻግመ ሀንጸ ቁጠባዊ ሕውየት ንምርግጋጽን ኣብ ንቡር ንምምላስን እናሰርሑ እንክለው ተጻብኦታት እንደገና ብልጭ ክብል ተራእዩ፡ብመን?፡ ተሰፋ ዝቕረጹን ዝነደዩን ናይ ክድዓት መስመር ዝኽተሉ ዳግማይ ማሕበር ኣንድነት ፈጢሮም፡ኤርትራውያን ኢና በሃልቲ ሃገራዊ ኒሕ ዘይብሎም ጠፍጢፍካ ጠፋጢፍካ ንፁ ንዕንወት ኤርትራ ተበገሱ ተባሂሎም፡ እዚ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝብድልዎ ዘለው ጸብጺብካ ዝውዳእ ኣይኮነን፡ ህዝቢ ኤርትራ ሓድነቱ ኣትሪፉ መኸትኡ ኣብ ምሕያል እርከብ ገና እውን ክምክት እዩ ንመሰሉን ንኽብሪ ሃገሩን።

ብዙሕ ሃውተታ ዚ መስፈሪኡ ሓላፍነት ዝጎደሎ ዓንዳሪ ባህርያቶም፡ ብባልቶክ ሩም ዝተወደበ ስመር ( ንእከይ ተግባራት ጽረ ሰላም ) ሰላማዊ ሰልፊ ተኻይዱ፡ ካብቲ ዘገርም ኣብቲ ጽሑፎም ክንምለስ? ( ኣዴታት ኤርትራ ቀሲነን እንጀራ ክስንክታ ሃየ ተጸንበሩና ኢሎም፡ኤርትራዊት ማህጸን ሃገርን ህዝብን ዘውሕስን ዝብጅን ኣለኹልኪ ዝብላ ጅግና ዝወለደት እምበር ከዳዕ ተንበርካኺ ንወላዲት ዝሃርም ኣየፍረየትን።

ንመዘኻኸሪ ኣብ ግዜ 3ይ ወራር ወያኔ ዓቕሊ ጽበት ዝፈጠሮ ምዕልባጥ ንዝሞቱ ወተሃደራት ዝቐብሩ ( ኣግላይ ዝበሃሉ ሰባት መዲቡ ክም ዝነበረ ትዝክሩ ዶ ? ) እዚ ናይ ትማሊ ሰላማዊ ሰልፊ ዝብልዎ ብናታቶም ኣገላልጻ፡ኤርትራውያን ከደምቲ ክፋእን ተንከልን ወያኔ ዝሽፍኑ ንጥፍኣት ኤርትራ ዝምህለሉ እንተብልናዮም የምሕረልና።

ህዝቢ ኤርትራ ክልተ ግዜ እዩ ዝምብርከኽ፡ክጽሊ እንክሎን ክትኩስ እንክሎን፡ ካብቲ ዘሕዝን ኣብቲ ናይ ክድዓት ሰላማዊ ሰልፊ፡ ሓደ ከዳዕ ዝበሎ ዳግማይ ናጽነት ኤርትራ ቀሪባ እያ ኢሉ፡ኣብ መወዳእታ ክንብሎም እንደሊ፡ ( ካልእ ሓርነት የለን ? ኣሎ ንዝብሉና[redacted]ህዝቢ ኤርትራ በይኑ ዝመረሸ ክም ኣንበሳ ዓጃቢ ዘየብዘሐ ክምቲ ሬሳ ።ክምዚ ናታትኩም ሃውተታ ዝመንገዶም እናበልና።

ደምናን ክብረትናን ግዜናን ዝሰዋእናላ ሃገር ሕጂ ናይ ኣዛብእ ኖምኖም ክጥፍእዋዓይንና ኣይንዕምትን ኢና፡ኤርትራ ነቲ ጻዕራም ህዝባን ኣሎኹልኪ ዝብላን በጃ ዝሓለፈላን እያ፡ ይኣክል።

ዓወት ንሓፋሽ፡
ሽማግለ መኸተ
ክፍሊ ዜናን ሓበሬታን
ስዊዘርላንድ፣

www.eriswiss.com